**Eritrean Catholic Gheez-Rite Chaplaincy (ECGRC)**
at St. Aidan of Lindisfarne RC Church
85 Old Oak Common Lane
London
W3 7DD

ያሬድ ኃይለማርያም ቀላቲ
13 Nov 2011

# ን ፍቕሪ ንድለያ



ኩሉ በብሓደ እንተረአናዮ
ንእሽተይ ዓቢ ከይፈላለናዮ
ተባዕታይ ኣንስታይ ኩሉ ወዮ
ተበዳሊ እምበር በዳሊ'ስ ነይረአናዮ

በዚ ጊዜ'ዚ በዳሊ ተበዳሊ
ተበዳሊ ይኩን በዳሊ
ኣይከኣልናን ከነለሊ

ልምዲ ድዩ ኮይኑና ዘጥረናዮ
ብናእሽቱና ወሲዱለይ ኣሕዲጕኒ ዘበልናዮ
ካብ'ዚ ተበጊስና ጠሊሙኒ ጠሊማትኒ ቀይርናዮ
ሐወይ ሓፍተይ ሓዳረይ ቤተሰበይ ኩሉ ረሲዕናዮ

ቃላትና ኩሉ ዚተወሰነ ኮይኑ'ሎ
ሓግዘኒ ሃበኒ መምሪሒና ኮይኑ'ሎ
እዚ ዘይገብረ ወይ ዘይበለ ከምዘየሎ
ዓሻ ገበነኛ ድኩም ይቁጸር'ሎ

ኣሕዋት ኣሓት ኩሎም ኪበኣሱ
ወላድን ውሉድን ፈቀዶ ፍርዲቤት ኪካሰሱ
ጊዜኦም ገንዘቦም ኩሉ የፍስሱ
ኣብ ዓለም ሕይወት እምበር ተረሚሱ

ገለ ክብሎ ነቲ ኩሉ ዚከኣሎ
ዓቕሚ የብለይን ኩሉ ባዕለይ ክኽእሎ
ሕውነት ፍቅሪ ቦታ ሲኢኑ'ሎ
ተረድኣና ኣምላኸይ ቀልጢፍካ ብተሎ

ደቂስና ዲና ዘለና ብቀትሪ ንሕልም
ሓሳብናን ድሌትናን ናብ ካልእ ኪሃምም
ንስካ ከለኻ ኣምላኽ ፍቕሪ ናይ ዘልዓለም
ናብ ገንዘብ ነምልኽ ንከውን ናይ ዓለም

ትርእዮ'ዶ ኣለኻ'ዚ ሕይወት
ሓውን ሓፍትን ከምዘይኮና ካብ'ዛ መሬት
ንቅየም ንበኣስ ንእካ ከይንጥምት
ይቅረ በለልና ብምሕረትካ ጠምት

ኦ! አምላኽና
ምእንታን ከይንኸውን ናይ'ዛ ዓለምና
ጽንዓት ክንርከብ ጸጋኻ ኣብዝሓልና
ፍቓድካ ኪንገብር ኣብ'ኩሉ መገድና
ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ይኾኑ ምርኩስና

## ን ኢየሱስ ንድለዮ

ሓንቲ-ሥድራ ሓንቲ-ቤተክርስቲያን ሓንቲ-ፍቕሪ